# ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ንደሞክራስን ኣብ ስዊስ

## ብሓላፍነት ክረኤ ዝግብኦ መጻዋዕታን፡ መጠንቀቕታን፡ ኣብ ስዊስ ፒሎቲካዊ ዑቕባ ዝሓተቱን ነበርትን ኤርትራውያን።

ህዝቢ ኤርትራ ብህግደፍ ኣብ ዝጭቆነሉ፡ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዘይከብረሉ፡ መንእስያትና ግዳያት ናይ ምድረበዳን፡ ቀለብ ዓሳ ባሕሪን ዝኾንሉ፡ ብሰንኪ ጉጉይ ምሕደራ ስርዓት ህግደፍ ሃገርና ትባድመሉ ዘላ ግዜ ፡ ብሑቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ህግደፍ እገዳ ስለ ዝተወሰነ፡ ነዚ እገዳ ዘይፍትሓዊ ኣምሲልካ፡ ንገርሂ ህዝብና ንምድንጋር ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ከምዝተወሰነ ጌርካ ንዝግበር ዘሎ ሸፈጥን፡ ፋሽራን፡ ህግዳፋውያን ንምልከቶ ኣሎና። ንሓልዮት ህዝቢ ድማ ኣይኮነን። ነቲ ብሓይሊ ወተሃደር ስልጣን ህዝቢ መንዚዑ ዘሎ መራሒኦም ዕድሜ ስልጣኑ ንኽናውሑ፡ ዝግበርዎ ዘለዉ ኮንቱ ፈተነ ኢዩ።

ኣብ ኤውሮጳ ዝቕመጡ ተደናገፅቲ ስርዓት ኢሳያስ ፡ ነቲ እገዳ ክንቃወሞ ኢና ክንምክቶ ኢና ብምባል ላዕሊን ታሕትን ኪብሉ ንዕዘቦም ኣሎና። እቲ እገዳ ኣብ ርእሲ መራሕቲ ስርዓት ህግደፍ ዘተኮረ ከምዝኾነ ብሩህ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ እንተኾነ ብስርዓት ህግደፍ ካብ ዚእገድ ድሮ 19 ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ዝተወሰነሉ ምኽንያት ናይ ስርዓት ህግደፍ ዕንደራ ፖሎቲካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን፡ ስለ ዝኾነ ኢዩ። ሰለዝኾነ ብቐጥታ ብሓላፍነት ዝሕተተሉ ንሱ እዩ። ብወገና ኣብ ልዕሊ ሃገርና ኤርትራ እገዳ ክግበር ዘሓጉሰና ጉዳይ ኣይኮነን። ብስንኪ ንቁጽ ይነድድ ርሑስ ኮይኑ ንህዝቢ ከይልክም ጸረ ዕንደራን ዕብለላን መንግስቲ ህግደፍ ኢዩ ሰላማዊ ሰልፊ ክግበር ዝግብኦ። እዚ ስለ ዝኾነ እቲ ሓቂ፡ ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ንደሞክራስን ኣብ ስዊስ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ስርዓት ህግደፍን ዕዳጋ ብረትን፡ ዕንደራ ፖሎቲካኡን፡ ዘተኮረ እገዳ ሕቡራት ሃገራት ይድግፎ ።

በዚ መሰረት ኣብ ስዊስ ዝርከቡ ስደተኛታት ሓተትቲ ዑቕባ ፡ ብመስረት ኣብ ኤርትራ ዝግበር ዘሎ ናይ ህዝቢ ወጽዓ ናይ መንበሪ ፍቃድ ዝሓዙን ተመሊሶም ንህግደፍ ይቕረታ ዝሓቱ፡ 2% ዝኸፍሉ ፡ ኣብ ውራያት ናይ ህግደፍ ዘሳስዩ፡ ንመንእሳያት ራዕድን ሽበራን ዘዋፍሩ ዘለው ሎሚ ከምኡ'ውን ውሑዳት የዋሃት መንእስያት ተደናጊሮም ኣብ'ቲ መደባት ናይ ህግደፍ ዝሳተፉ ግዚኡ ኣብቂዑ እዩ። ደው በሉ።

መደባት ህግዳፍ ከም ዝተከታተልናዮ ብኡ መሰረት ንምምካቱ መደባትና ስሪዕና ኣሎና። ብዝገበርናዮ ርክብ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ኣብ ስዊስ ዝኾነ ኤርትራዊ መሰል ናይ መንበሪ ወረቐት ዝረኸበ በቲ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዝወርድ ዘሎ ግፍዒን ግህሰት ሰብኣዊ መሰልን ዩ ዑቕባ ዝዋሃብ ዘሎ። ኣብ ስዊስ ዑቕባ ሓቲቶም ከብቅዑ፡ ምስ ህግደፍ ብምትሕብባር ብፍላይ ከኣ ኣብዚ ሕጂ ብህግደፍ ክግበር ዝቀራረብ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ኣንጻር እገዳ ሕቡራት ሃገራት ንዝሳተፉ ስደተኛታት ብመጠንቀቕታ ጥራሕ ንሓልፎ ከምዘይኮነ ንሕብር። ከምኡ'ውን ዜግነት ስዊስ ዝሓዙ፡ እዚ እገዳ ብ ናይ ሕ.መ. ባይቶ ጸጥታ ዝሓለፈ፡ መንግስቲ ስዊስን ህዝቢ ስዊስን እውን ብሰናይ ድልየቱ ብኡ ስለ ዝቕየድ፡ ጸረ ኢ. ደመክራስያዊ ኣሰራርሓ ደው ከይብሉ ነተሓሳስቦም/በን።

ንኩሉ ዳላይ ፍትሒን ዲሞክራሲን ህዝብና 2010 ዓመት ራህዋን ቅሳነትን ፍትሕን ከተምጽኣልና እንዳ ተመነና መሳርዕና ኣስሚርና ኣደልዲልና ኣብ ዕላማና ነግ ፈረግ ከይበልና ክንቃለስ ምኻና በዚ ኣጋጣሚ መብጻዓ ንኣቱ።

ቐጽሪ ሰላምን ዲሞክራስን ይዓንብብ !
ዘልኣላማዊ ዝኽሪ ንሰወኣትና !
ማሕበር ንሰላምን ንደሞክራስን ኣብ ስዊስ
ኣባል ኤርትራዊ ሲቪካዊ መርበብ ኤውሮጳ
ጨንፈራት ዙሪክ፡ ነሻተል፡ በርን ፡ ጀነቭ
25/01/2010